# ፪ይ ሰንበት ዘጽጌ

## ጥቅምቲ 4, 2016 ዓ.ም.(10/15/2023)

ንባባት ኤፌ፡ 6፡~10፥ ራእ 12፡1~13፥ ግ.ሓ. 7፡23~30፥ ሉቃ 1፡39~46

መዝሙር፡ ኪነ ጥበቡ ወዕፁብ. . . . . ሥራሕ ጥበቡ ዘገርምን ዘደንቕን እዩ እቲ ኣብ ሰማየ ሰማያት ዘሎ ኣባና ምሕረቱ ገለጸ"። ኣብ ዓለም ዝርከብ ፍጡር ኩሉ ክብሪ ኣምላኽ ይገልጽ። መዝሙር ናይ ሎሚ ኣምላኽ ብስነ ጽባቐ ፍጡራት ዕሞቕ ፍቕሩ ከምዝገለጸ ይገልጸልና። ናይ ፍጡራት መልክዕ ነቲ ፈጠሪኦም ዝሃቦም ህያብ ይምስክሩ። ኩሉ ተዋሂቡ እዩ። ፍጡራት ካብ ኮና ተዋሂብና ኢና። ውህበት ኣምላኽ ነቲ ዝተዋህቦ ዝለዓለ ህያብ እዩ። ክከም ዓቕምና ነናትና ህያብ ኣሎና። ነዚ ወሃቢ ኣምላኽ ክነምስግኖ ግቡእ እዩ።

፪ይ ሰንበት ዘጽጌ ህያብ ኣምላኽ ብማርያም ክነስተንትን ይሕግዘና። ማርያም ብስራት መድሓኒን ናይ ኤልሳቤጥ ዘመዳ ምጽናስን ብመልኣኽ ምስተነግራ ተቐላጢፉ ናብ እንዳ ዘካርያስ ክትሕግዝ ኸይዳ። ምኽንያቱ ኤልሳበጥ ብጽሕቲ ነፍሰጾር ስለ ዝነበረት። ማርያም ክትጉዓዝ እንከላ ኣብ ከርሳ ኢየሱስ ሕጻን ነሩ። ከም ታቦተ ኪዳን ኣብ ከርሳ ጾራቶ ትጉዓዝ ነራ። ነቲ ሰማያት ክጾርዎ ዘይክእሉ ንሳ ኣብ ከርሳ ጾሮቶ ይብለና ውድሴ ማርያም። ኣብ መገዲ ብዙሓት ዝጓነፍዋ ዝነበሩ ኣብ ከርሳ ዝነበረ እንተ ዝፈልጡ እንታይ ኮን ምበሉ ብርግጽ ንእኣን ንወዳን ፍሉይ ክብሪ ሂቦም መገልገልዋ። ዕብየት ወዳ ንእኣ እውን መዕበያ።

ማርያም ጉዕዝኣ ቀጺላ ኣብ እንዳ ዘካርያስ ምስ በጽሐት ኤልሳቤጥ መንፈስ ቅዱስ ወሪድዋ ክትንበ ጀመረት፥ ኣብ ከርሳ ዝነበረ ዮሓንስ ምስ ማርያም ምስ ተራኸበ ብተሕጓስ ክሰራሰር ጀመረ እዚ ኸኣ ዮሓንስ ናይ ኢየሱስ ጎይታ መን ምዃኑ ጌና ኣብ ከርሲ ኣዲኡ እንከሎ ስለ ዘላለየ እዩ። ኣበው ነዚ ከስተንትኑ ከለዉ ዮሓንስ ሽኡ ተጠሚቑ ይብሉ።

ንሉቃስ ወንጌላውን ንብዙሓት ተርጎምቲ ቅዱስ መጽሓፍን ሰውነት ደቂ ሰብ ናይ ኣምላኽ ናይ ድሕነት ሥራሕ መጋበሪ ከምዝኾነ ይገልጹ። እዚ እዩ ትስብእቲ ክርስቶስ ዝነግረና። ማርያም ኣብ ከርሳ ትስብእትን ኣምላኽነትን ብሓደ ጾራቶ። ሉቃስ ብንጹር ፍልልይ ማርያምን ኤልሳቤጥን፥ ኢየሱስን ዮውሓንስን ይነግረና። ኢየሱስ መሲሕ ወዲ ኣምላኽ ብሞቱን ትንሣኤኡን ንዓለም ጨሪሹ ዝቕይር እዩ። ኣብ ኢየሱስ ውህደት ኣምላኽነትን ትስብእትን ብግሉጽ ኣብ ምድሓን ደቂ ሰብ ተራእዩ። እዚ ኹሉ ተግባራዊ ክኸውን ቀንዲ መጋበሪ ዝኾነ እቲ ካብ ማርያም ብዝተወሰደ ሥጋ እዩ።

ማርያም ኣብ ገዛ ዘካርያስ ክትከይድ ዘገደዳ ነገራት እንተ ርኤና፥

- ነቲ ብመልኣኽ ዝተነግራ ብምስማዕ ብእምነት ከይዳ፥ ኣብ ኣገልግሎት ወፊራ ንኤልሳቤጥ ነፍሰጾር ዘላ ዘመዳ ኣብ እርጋና ኣምላኽ ምሕረት ዝገበረላ ክትሕግዛ ከይዳ። ነዚ መሰረት ገርና ሓጋዚት ጽጉማት እናበልና ንጽውዓ።

- መገሻ እዩ ነሩ ካብ ዓዳ ናብ ካልእ ከይዳ ካብ ገዝኣ ክተግልግል ወጺኣ ምናልባት ንሳ እትኣልዮም ገዲፋ ቀዳምነት ንኤልሳቤጥ ሂባ። ኣብ ሕይወትና ኣምላኽ ክንሕግዝ ክነገልግል ምልክት ይህበና ነቲ ምልክት ኣንቢብና ክንክእል ናታትና ግደ እዩ።

- ኣብ ኣምላኽ ዝቐረበ ክልኣኽ ግድን እዩ ነብያት ልኡኻት እምላኽ እዮም፥ ሓዋርያት ተላኢኾም፥ ኣምላኽ ክልእኽ ይደሊ ኣብ ኢሳያስ 6፡8 "ሽዑ እግዚኣቢሔር ንመን ክልእኽ፥ መንከ ክኸደልና እዩ፥ ኪብል ሰማዕኩ ኣነ እውን እነኹ ልኣኸኒ በልኩ" ይብል፥ ንሰባት ክረድእ፥ መልእኽቱ፥ ከመሓላልፍ፥ ዝኾነ ክብል ክገብር ምስ ደለየ ሰባት ክልእኽ ድለቱ እዩ። ማርያም ኩሉ ግዜ ልእኽቲ ድለት ኣምላኽ እያ። ናይ ሎሚ ልኡኻት መልእኽቲ ኣምላኽ ኣነን ንስኻትኩምን እና። ከምቲ ጳውሎስ ኣብ

መልእኽትታቱ ዝብሎ ንሕና ልኡኻት ኣምላኽ ኢና። ክትልእኽ መጀምርያ ክትኣምን ይግባእ ዘይኣምን ክልእኽ ኣይክእልን እዩ። ልኡኻት ኣምላኽዶ ኣሎና?

ኣብ ቤት ዘካርይስ ምስ ኣተወት ንኤልሳቤጥ ሰላም ምስ በለታ እቲ ሕፃን ኣብ ከርሳ ተሰራሰረ ንኤልሳቤጥ ከኣ መንፈስ ቅዱስ መልአ እሞ ዓው ኢላ "ንስኺ ካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ እቲ ኻባኺ ዝውለድ ሕጻን እውን ዝተባረኸ እዩ . . . . እቲ ካብ እግዚኣብሔር ዝተነግረኪ ቃል ከም ዝፍጸም ስለ ዝኣመንኪ ብፅዕቲ ኢኺ በለታ"። ኣብዚ ዓሚቕ ትምህርቲ ኣሎ፥

- መንፈስ ቅዱስ ምስ ኢየሱስን ማርያምን ይመጽእ፥ ሽዑ ናይ ሓጎስ ምስጋና መዝሙር ክንዝምር የኽእለና።
- ንኣምላኽ ኣብ ልብና ብፍሉይ ሥጋኡን ደሙን ክንቅበል ከሎና ቡራኬ ይወርደና ሽዑ ሓጎስ ደስታን ሰላምን ይመልኣና። ምስ ክርስቶስ ምርኻብ እቲ ዝለዓለ ጸጋ እዩ፥ ኤልሳቤጥ ነዚ እያ ኣስተማቒራ።
- ነቲ ብኣምላኽ ዝውሃበና ብእምነት ክንቅበሎ ከሎና ኣብ መዓርግ ብፅዕና ንሓልፍ። ገለ እዋን ክርድኣና ከቢድ እዩ ግን ኩሉ ኣብ ኢድ ኣምላኽ እንተ ሓደግናዮ ሽዑ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ኣሎና።
- ኤልሳቤጥ ኣብ ማርያም ኣምላኽ ከመይ ገሩ ድለቱ ከምዝፈጸመን ከመይ ገራ ንሳ ከም ዝመለሰትን ርእያ ኣመስጊናታ፥ ንማርያም ብእሽታኣ ክነመስግና ይግባእ።

ኤልሳቤጥ ናይ ማርያምን ኢየሱስን ዕብየት ተረዲኢዋ፥ ናይ ማርያም ክብሪ ካብቲ ጸራቶ ዘላ ጉይታ ከምዝመጸ ኣነጺራ ተዛሪባ። ከምቲ ዳዊት ንጉስ ታቦት እግዚኣብሔር ከመይ ገሩ ናባይ ኪመጽእ (2ነገስት 6፡9) ዝበሎ ኤልሳቤጥ ከምኡ እናበለት ተገሪማ። ኣብዚ ንማርያም ብፅዕቲ ትብላ፥ ብፅዕንኣ ሽኣ ነቲ ብጎይታ ዝተባህላ ስለ ዝኣመነት እዩ፥ ኣብዚ እምብኣር እምነት እምበር ካልእ ናይ ጽድቂ ስራሕ ብምግባራ ኣይኮነን። ንሳ ከም እትፀንስ ወዲ ከም እትወልድ ኣሚና። ነዚ ዝፀነሰቶ ሒዛ እያ ናብ እንዳ ዘካርያስ ከይዳ። ሎሚ ኣብ መንጎና ክትብምጽኦ ትኽእል እያ።

ፍሉይ ትምህርቲ ማርያም ንነፍስ ወከፍና ኣብዚ ናይ ሎሚ ሰንበት፡

- ንጽጉማት፥ ንኹሎም ሓገዝ ዘድልዮም ክንሕግዝ ድለት ኣምላኽ እዩ፥ ንሰብ ክንሕግዞ ከሎና ማለት ብንዋታዊ ሞራላዊ ኣብ ጸገሙ ክንካፈል ከሎና ምስኡ ውህደት ንፈጥር ካብቲ ዘልኦ ክትንስእ ጸገሚ ንኾኖ። ንዝሓመመ፥ ንዝተጸገመ፥ ንዝሓዘነ፥ ምሕጋዝ ማርያም ኣብነትና እያ።
- ንዝተዋህበና ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ክብሪ ኣምላኽ ክነውዕሎ ይግባእ፥ ኣምላኽ ጸግኡ ዝህብ ንኣምላኽን ንሽማና ዘበለ ሰብ ክነገልግለ ምእንቲ እዩ። ነፍስወከፍና ነናትና ጸጋ ተዋሂቡና ኣሎ ክነፍርዮ ናታትና ግደ እዩ። ማርያም ኣደ ኣምላኽ ከንሳ ንገልግሎት ተበጊሳ ብዝያዳ ክትሕግዝ ወፊራ፥ ጸጋ ንሰናይ ተግባር የውፍረና። ጸጋ ዝጎደሎ ሰብ ጽቡቕ ክገብር ይጽግሞ ሽዑ ንመንገዲ ኣምላኽ ሓዲጉ ንጸጋም ይወፍር።
- ቤትና ቤት ኣምላኽ ክንገብሮ ኤልሳቤጥን ዘካርያስን ኣብነትና እዮም ቤቶም ቤት ኣምላኽ ነሩ ከምኡ ስለ ዝኾነ ማርያም ምስ ወዳ በጺሓቶም ወላ እኳ ኣብ ከርሳ እንተ ነበረ። ኣምላኽ ኣብ ልብና ክሓድር ልብና ክንከፍተሉ ሽዑ ከም ማርያምን ኤልሳቤጥን ናይ ሓጎስ መዝሙር ክንዝምር። ሕይወትና ንኣምላኽ ክፉት ክንገብሮ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ